# ብኤርትራዉያን ዜጋታት ብብርኪ ትውነን ብሕታዊ ባንክ ንምቋም ዝዓለመ ኣፈናዊ ዋዕላ ተኻይዱ።

--------0--------

ብኤርትራዉያን ዜጋታት ብብርኪ ትውነን ዘይመንግስታዊ ብሕታዊ ባንክ ንምቋም ዝዓለመ ኣፈናዊ ዋዕላ ተኻይዱ።

ኣብቲ ትማሊ 5 ሓምለ ኣብ ኣደራሽ ቤት-ምኽሪ ንግዲ ኤርትራ ዝተኻየደ ኣፈናዊ ዋዕላ፡ ኣቐዲማ ዝተረቖሐት ጎስጓሲት ኮሚቴ፡ ብዛዕባ እታ ኝኽትቐውም ትሕሰብ  ዘላ ባንክ ኣበጋግሳን ዝተኻየደ ጻዕሪን፡ ከምኡ ውን ናይቶም ስራሕ ኝኸካይዱ ተሓጺዮም ዘለው ሰባት ብቕዓትን ተበግሶን ንተሳተፍቲ ቲ ዋዕላ መግለጺ ሂባ።

ሕጹይ ኣመሓዳሪ ናይታ ብ“ኣውጋሮ ባንክ” ተሰምያ ዘላ ብሕታዊት ባንክ ኣቶ ክፍለ በላይ፡ መንግስቲ ብሕታዊ ወፍሪ ንምትእትታው ዝገብሮ ዘሎ ዘይሕለል
ጻዕሪ፤ ብኻልእ ወገን ድማ ህዝብና ካብ ፊናንሳዊ ትካላት ዝረኽቦ ኣገልግሎት ንምስፋሕ ፡ናይ ስራሕ ዕ ድላት ንምፍጣር፡ ቑጠባ ንምድንፋዕን ንግዳዊን ሕርሻዊን ስርሓት ንምብርባርን ምቛም ብሕታውያን ባንክታት ግዚኡ ዝጠልቦ ዕማም ምዃኑ ገሊጹ። ኣውጋሮ ባንክ ኣብ ምዕባለ ሃገርና ኣዎንታዊ ተራ ክትጻወት ዘለዎ እምነት ልዑል ምዃኑ ድማ ኣብሪሁ።

ኣብዚ እዋን ዚ ንመስረቲ እታ ባንክ 50 ሽሕ ብርክታት ተዳልዩ ከምዘሎን ዋጋ ሓደ ብርኪ ድማ 1ሽሕ ናቕፋ ወይ ሚእቲ ዶላር ምዃኑን ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። ሓደ ውልቀሰብ ወይ ትካል መስራቲ ኣባል ንክኸውን እቲ ዝተሓተ 50 ብርኪ ቲ ዝለዓለ ድማ 2,500 ብርኪታት ይዕድግ። ብዘይካዚ ተሳታፍነት ሓፋሽ ንምዕዛዝ ውልቀሰባት ይኹኑ ትካላት እቲ ዝዕድግዎ ብርኪ ካብ 5 ሚእታዊት ናይቲ ጠቕላላ ርእሰ-ማል ክበዝሕ ከምዘይክእል ተሓቲሙ ዝወጸ ሕጋጋት ናይታ ትቐውም ባንክ የረድእ።

ሚኒስተር ፋይናንስ ኣቶ ብርሃነ ኣብረሀ ኣብቲ ዋዕላ ተረኺቡ ንተሳተፍቲ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣዳለውቲ ኮሚቴ ከምዚ ዝኣመሰለ ንህዝብን መንግስትን ዘርብሕ ሓሳባት ብምንቃዶም ዮሃና ድሕሪ ምባል መፈጸምታኡ ኝኽርእዩ ዘለዎ ምንዮት ገሊጽሎም። ብዘይካዚ ብወገን መንግስቲ ዘድሊ ምትሕብባር ከምዝግበርን ኩሉ ኣባል ካብ ዝኾነ ክመጽእ ይኽእል እዩ ዝበሃል ስክፍታት ነጻ ክኸውንን ኣዘኻኺሩ። ንዝርአ ጸገማት ንምብዳህ ድማ ኩላቶም ኣባላት ከይሰልከዩ ክሰርሑ ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብቲ ዋዕላ ኣብ ዝተፈላልየ ንጥፈታት ንግዲ ዝተዋፈሩ ሰብ ዋኒን፡ ወከልቲ ቤት-ጽሕፈት ኣብያተ መንግስቲን ካልኦትን ኣስታት 70 ሰባት ተሳቲፎም።

******ኣ.ዜ.ኤ*********